# ኣቦ መምበር ወልደሱስ ዓማር ንሓደ ኣባል ፈጻሚ ኣካል ኣደስኪሉ።



ኣቦ መምበር ሰ-ደ-ህ-ኤ ወልደሱስ ዓማር።

ኣብዚ ቅንያት እዚ ካብ ዕለት 02 ነሓሰ 2010 ዓ.ም ዝጀመረ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ገለ ክፉል ፋጻሚ ሽማግለ እቲ ሰልፊ ብኣካል ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት፡ እቶም ዝተረፉ ካልኦት ክኣ ብSkype ን4ይ መዓልቱ ዝቐጸለ ኣኼባ ከካይዱ ከም ዝቐነዩ እቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብዚ ኣኼባ እዚ እቲ ንፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ክትክእ ያኣዪ ዝሓልምን ብጽኑዕ ሕማም ስልጣን ዝዓወር ወልደሱስ ዓማር ንኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ስርርዕዊ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኤውሮጳ ዝኾነ ኣቶ ኢሳያስ ኣስፍሃ ካብ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ብምስጓግ ከመይ ጌርካ ንሰባት ከተደስክል ከምእትኽእል ድሮ ክለማመዶ ጀሚሩ ከምዘሎ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ የረድእ።



ኣቶ ኢሳያስ ኣስፍሃ

ኣባል ፈጻሚ ኣካል ሰ-ደ-ህ-ኤን ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳይት ዞባ ኤውሮጳን፤፤

ኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ስርርዓዊ ቤት ጽሕፈት ዞባ ኤውሮጳ ኣቶ ኢሳያስ ኣስፍሃ ካብ ኣኼባ ዘስጎጎ ምኽንያት ዛጊት ተፈሊጡ ከምዘሎ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰልፊ ዘይግሉጽን ጉጅላውን ነጻልን ኣሰራርሓ ከም ዘሎ ብጭብጢ ኣሰንዩ ኣቐዲሙ ብመንገዲ ኣቦ መምበር ወልደሱስ ዓማር ናብ ኩሎም ኣባላት ፈጸምቲ ኣካላት ኢሉ ሰዲዱ እኳ እንተነበረ በቲ ኣቦ መምበር ግን ተሓቢኡ ስለ ዝተረፈ ደጊሙ ብድሮ ምጅማር እቲ ኣኼባ ናብ ኩሎም ፈጸምቲ ኣካላት ብምቕራቡ ኣብ

**1ይ መዓልቲ እቲ ኣኼባ ኣቦ መምበርን ደገፍቱን ኣብ ክንዲ ነቲ ኣሎ ዝብሃል ሽግር ረጊኦም ክፈትሑ ዝፍትኑ “<u>ንሓድነት ሰልፊ ዝፈታተን</u>” ዝብል ሰፍ ዘይብል ስም ድሕሪ ምጥማቖም ኣብ ካልኣይ መዓልቲ እቲ ኣኼባ ክኣ ግደፉ እዚ ኣቕሪብዎ ዘሎ ትዕዝብትን ክስን ቅኑዕን ንሕና እውን እንድግፎን ኢና ዝብሉ ኣባላት ፈጻሚ ኣካል እናሃለዉ ብምኽንያት ዝተወደበ ናይ ብዙሓት ድምጺ** (Majorities) **ብኣቦ መምበርን ጭፍርኡን ካብ ኣኼባ ከም ዝስጎግን ከምዝድስክልን ተገይሩ ኣሎ።**

**ምንጪ ሓበሬታ ኣቶ ኢሳያስ ኣስፍሃ**
**ሎንዶን ዕለት** 05 **ነሓሰ** 2010 **ዓ.ም።**